**ሓጺር ቓል ሓዘን**

**ንሞት ዶክተር ሃብተ ተስፋማርያምን ኣቶ ሓሰን ከኪያን ዝምልከት**

**ካብ ህዝቢ ኤርትራ ነባሪ ስዊስ 1/17/2017**

ሃንደበታዊ ሞት ዶክቶር ሃብተ ተስፋማርያም ምስ ሰማዕና ኣብ ስዊስ ንነብር እሞ ምስ ዶክቶር ሃብተ ኣብ ብዙሕ ኣጋጣሚታት ብፍላይ ንቓልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንምጉስጓስን ንሓድነትና ንምትራርን ኣብ ከባቢና ሰፋሕቲ ሰሚናራት የካይድ ስለ ዝነበረ፣ ዳግማይ ክምለስን ንሕና ከኣ ብንቕሓትን ብስጡም ሃገራዊ ሓድነትን ኣብ ክብ ዝበለ ብርኪ ክንጸንሖ ተላብዩና ስለ ዝኸደ፣ ሞይቱ ምስ ሰማዕና ሰንቢድናን ሓዚናን። "ተጋዳላይ ኣይነብርን ታሪኹ ግን ነባሪ'ዩ" ሓቒ'ዩ፣ ንብል። ኣብ'ታ ብንእስነቱ ዝተጋደለላ መሬት ሃገሩ ክቕበርን ኩሉ ህዝብታት ኤርትራ ተኣኪቡ ንጽንዓቱን ተወፋይነቱን እናድነቐ ክቀብሮ ባህልን ግቡእን'ዩ ዝነበረ። ሬሳ ሃገር ከይኣቱ ምኽልኻል ግን ነቲ ዝሞተ ጥራይ ኣይኮነን መሰል ዝግፈፍ ዘሎ ንህዝቢ ኤርትራን ብዓቢኡ ከኣ ንስድራኡን ንዓዱን ምንዓቕን መሰልን ባህልን ምግፋፍ'ዩ። ፎእ ዲክታቶር ኤርትራ!!! ሱዉኣትና ንልብና ብፍቕሪ ወኒንኩማ'ኹም ንግዜኡ ኣብኣ ዕረፉ።

ኣቶ ሓሰን ከኪያን ምስ ለባማትን ተባዓትን ዓበይቲ ሽማግሌታት ዓዲን መሓዙቱ፣ ኮይኑ፣ ነቲ ኣብ ማእከል መርሕነት ህግሓኤ ዝተጋህደ ካልኣዊ ጎነጽ ንሃገርን ህዝብን ከይልክም ሰጊኦም ብሕውነታዊ ኣገባብ ብመንጎኝነት ክፈትሑ ምስ ሓተቱ እዚ ቅዱስ ተግባር ነቲ ዲያብሎስ መራሒ ህግደፍ "ጽያፍ" ስለ ዝኾነ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ከም ዘእቶዎም ሰሚዕና ኔርና። (ብዙሓት ካብኦም እውን ከም ዝሞቱ ሰሚዕና መንግስተሰማይ የዋርሶም።) ኣቶ ሓሰን ኣብ እዚ ቤት ማእሰርቲ ዝሰረጾ ሕማም ህጹጽ ረድኤት ስለ ዘይተገብረሉ ብሰንኩ ድሕሪ ነዊሕ ስቓይ ብሞት ከም ዝተፈልየና ምስ ናይ ዶክቶር ሃብተ ምስ ሰማዕና እቲ ሓዘን ተደራሪብና።

እዚ ጽንኩር ግዜ ንዶክቶር ሃብተን ኣቶ ሓሰን ሒዝካ እሂ ምሂን ኢልካ ነቲ ካልኣዊ ጸገምና ብሕውነትን ብሕውሕልነትን ፈቲሕና ናብ እቲ ቐዳማይ ጸላኢና ገጽና ቁልሕ ክንብል ዕድል ክኸፍቱ ዴኽእሉ'ዮም ዝበልናዮም ምስኣና ንቓልስና ድርብ ሓዘን'ዩ።

ገዳይም ተጋደልቲ ብበመዓልቱ ዴፍለዩና ኣለዉ፣ ነቶም ዘለዉ'ውን ዕድሜ ንምነየሎም እንተ'ኾነ "ድሕሪ ሞት ኣቦኻ ሞት ግዴኻ'ዩ" እሞ እቶም ዝተረፍና ንሕልናና ክነቅስና ነቲ ትልሚ ሓርነት ብዓወት ህዝቢ ክንድምድሞ ክሳድና ኣዙር ኣቢልና ክንጥምትን ስራሓትና ክንግምግምን ሰዓሪ ተሳዓሪ ዘይብሉ ንሃገር ዘርብሕ ፍታሕ ክንረብ ክንነዴ ኣኳ እንተዘይከኣልና ዘብዘብ ክንብል በዚ ኣጋጣሚ ንላቦ።

ንመወቲ መንግስተሰማይ የዋርሶም ንስድራቤታቶምን ንፈለጥቶምን ንሙሉእ ህዝቢ ኤርትራን ጽንዓት የብኩም ንብል።

ነበርቲ ኣብ ስዋስ